# መድረኽ

*ሕታም 18*



*ተሰፋልደት ባህልቢ 3/2/2016*

# ኢትዮጵያ፡- ንሳን ዘይ ንሳን

## ፍሉይ ሰምዕታ

*መንግስቲ ወያነ ኢትዮጵያ፡ ኣብዚ ዘሎናዮ መድረኽ፡ ተልዕሎን ተንብሮን ጠፍኡዋ፡ ከም ብረስኒ ዓሶ ዝቖሎ ዘሎ ሑሙም፡ እናተቓጻለት ተንፈርፍር ኣላ። ሕማም ረስኒ ንግስነት ወያነ፡ ልዕሊ 100$^{0}$F በጺሑስ ይውስኽ ከኣ ኣሎ።  ዘውዲ ወያነ መዓልታ ትኣክል ዘላ እያ ትመስል። ምጥፍኣ ንዘይተርፉ ከም ምዃኑ፡ ድሮ ስለ ዝዓገበት ግዲ ኮይኑዋ ድማ፡ ለኻኺምካ ምጥፉእ ኣብ ዝብል ቁቡጽ ሕልና ኣድሂባ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ለኪማ ክትጠፍእ፡ እና ገዓረት ክትወር ትብገስ ከም ዘላ ድሮ፡ ሓውላል ኣዋጅ ተቓሊሑ ኣሎ።*

*ስለዚ፡ ንሕና ህዝቢ ኤርትራ፡ ሎሚ ከም ትማሊ፡ ሱጡማት ብምዃን፡ ንብዅሎም ዝነበሩን ዘለውን ኣረሓሓቕቲ ጠለባትና፡ ንዝተወሰነ ግዘ ከም ዝጽበዩ ጌርና ኣወንዚፍና፡ ንምእንቲ ክብሪ ወላዲትና /ኤርትራ/፡ እንሆ ሜዳ እንሆ ፈረስ፤ እንሆ ዋልታ እንሆ ጭማራ፤ እንሆ ካራ እንሆ ጉራደ፤ እንሆ ዓረር እንሆ ቂምቡላ፤ እንሆ ክራር እንሆ እምብልታ፤ እንሆ ኮቦሮ እንሆ ነጋሪት፤ እንሆ ሓኽሊ እንሆ ምሳር፤ እንሆ ስረ እንሆ ቁልፊ፤ እንሆ ጉልበት እንሆ ፍልጠት፤ እንሆ ቀለም እንሆ ወረቐት . . . ወዘተ።  ዝሰምዔ ይስማዕ፡ ዘይ ሰምዔ  ይስማዕ።*

## መቕድም

*ናይ ሎሚ ሕመረት ዛዕባ መድረኽ፡ ኣብ ከመይነት ናይ ኣህዛብ ኢትዮጵያ ምስ ተመልከተት፡ ምስ ፍሉይነት ህዝቢ ምድሪ ባሕሪ ከተነጻጽሮ ክትፍትን እያ። መዛግብ ታሪኽ ከም ዝሕብርዎ መጠን፡ ካብ መጀመርታ ኣቆጻጽራ ግዜ ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ፡ ምስ እዞም  ውህደት ዘይ ብሎም ኣህዛብ ኢትዮጵያ ዝተባህሉ፡ ብዘይካ ኣብ ምድምማይ እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ናይ ሰላምን ቅሳነትን እዋን፡ ከም ዝነበረና ኣይ ዝከርን። ብሰንኪ ሕሰማት ናታቶም ከኣ፡ ታሪኽ ዝዓቀቦ "ዘመነ መርገም" ተባሂሉ ዝፍለጥ መድረኽ፡ ከም ዝተሓልፈ እውን ይትረኽ እዩ።*

*ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ነቲ ኣብ ናይ መበቆል ዘርኢ ነገዳት ብሓፈሻ ኣመልኪቱ፡ ነቶም ብናይ ተስኣቱ(9) ማሕበረሰባት ዝተነድቀ፡ ምድሪ ባሕሪ ጸይራቶም ንዘላ፡ ስጡም ዝኾነ ህዝቢ፡ ምስቶም ክንዮ ደቡብ ዘለዉ፡ ፋሕ ጨንገራሕ ዝበሉ ኣፍሪቃውያን፡ ከደባልቖ ዝፈታትን ሕንቅል ሕንቅሊተይ፡ ርዝነት ስለ ዘይብሉ፡ ክጅላሕ ይግባእ። ከም ርድኢት ኣቕራቢ መድረኽ ፡ ንሳቶም ኣፍሪቃውያን ስለ ዝኾኑ፡ ንሕና እውን ከም ኣቶም ኣፍሪቃውውያን ኢና። ኣብ ገለገለ ግን፡ እን ጥቀመልሎም ቆሳቑስ ይኹኑ፡ ከምኡ ድማ፡ ኣብ ገለ ገለ ልምድታት ድማኒ፡ ዘመሳስሉና ነገራት ክህልው፡ ዘይ ንቡር ኣይ ኮነን። ብሽምኡን ዝሽምኡን ጭርምራም ኣብነታት ኣመሳሚስካ ግን፡ ንዓናን ንዓታቶምን ከጣቡቑና ወይ ከዛምዱና ዝበቑዑ ወሰንቲ ረቛሒታት ኣይ ኮኑን።*

*ንሱ ከኣ፡ ምስ እቶም፡ ኣብ ሓንቲ ስፍሕ ዝበለት ምድሪ፡ ፋሕ ኢሎም ዝተጣየሱ ኣፍሪቃውያን፡ ከም ሕራር ጸሓይ ወይ ኣብሲኒያ ወይ ኢትዮጵያ፡ ተባሂሎም ዝተጸውዑ ኣህዛብ፡ ካብ ዘርኢ ካም፤  ወይ  ዘርኢ ሴም፤ ወይ ኩሽ … ወዘተ ይብቆሉ ኣይ ብቆሉ ብዘየገድስ፡ ምሳና ከራኽቦም ዝኽእል ኣብነት፡ ብዘይካ ብጉርብትና እንተ ዘይኮኑ፡ ካልእ ናይ ቆሎጡጡቖ ኣበሃህላ ከም ልኻይ ጤል መኻኺ እዩ፡፡ ንምሳለ፤ ነቲ ምስ ነገደ ኣግኣዝያን ወይ ሓበሻ ዝምልከት ተመሳሳልነት ብምጥቃስ ጥራይ፡ ምሰ'ቶም ካብ ሰማንያ ንላዕሊ ዝበዝሑ ዓሌታቶም፡ ሕንኩኽ ኣቢሉ ከዛምደና ዝኽእል መርትዖ የልቦን። ምስ መን?*

*ምስ እዚም ጉራምራ, unrelated mixes? ተመልከት >>1 80mixes እዚኣቶም ደኣ፡ ንባዕሎም እኳ ዘይ ፋለጡስ፡ ንዓና ደኣ እንታይና ከይ ኮኑ? ኣይ ንብጽሖም ኣይ ብጽሑና።*

*ሕማም ሕርሲ ተርሰዓይ ከም ማለት፡ ከምቲ ንሳቶም ንዓና ዝብሉና፡ ሃሱስት ብምኻና ስለ ንርስዕ ደኣምበር፡ ንሳቶም ንሕናን ከም፡ ወረርትን ተወረርትን፤ ዘመትን ተዘመትን፤ ተጋሰስቲን ተገሰስትን፤ ቀተልትን ተቐተልትን፤ ኣንደትን ነደድትን ... ወዘተ ከም ዝኾና እዩ፡ ኣብ ጽላት ታሪኽ ተወቂጡ ዝርከብ። ብዝኾነ መዓቀኒ ከኣ፡ ንዓታቶምን ንዓናን ዘራኽበና ዘሎ፡ ብዘይካ እቲ ክንቅይሮ ዘይ ንኽእል፡ ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ ዝኾነ፡ ምድራዊ ኣቀማምጣና ጥራይ እዩ።*

*ጌና፡ እቲ ዝተኻዕወ ውቅያኖስ ደምና፡ ቀምቢይቢይ እና በለ እንከሎ፡ ሕጂ እውን፡ ኣብ ዝኮነ እዋን፡ ክወሩና ቁሩባት ከም ዘለዉ፡ ብወግዒ ተዛሪቦምሉ ኣለው። ስለምንታይ? ስለ ዘይ ንብጽሖም። ከምዚ ከነሱ እቲ ጉሁድ ሓቂ፡ ንኺይ ንርድኦ ሓርቢቱና ዘሎ **ሓደ ጥፉእ ዝኾነ ኣጠማምታ ኣሎ።***

*ንሱ ከኣ፡ ብየማንካ ንዘጨልገመካ፡ ብጸጋመይ፡ ድገመኒ በሎ፡ ዝብል እምነት እዩ። ደቂ ሓንቲ ኤርትራ ክነሶም፡ ካብ ውልቀሰባት ጀሚርካ፡ ክሳብ ጥርንፉት ውድባት፡ በቶም ዝሓለፉ ገዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ዝተጸፋዕናዮ ከይ ኣኸለናስ፤ ብንግስነት ወያነ ክጽፍዑና፡ ንቐደም በሉ ዝብልዎም ዘለዉ፡ ድቃስ ዝኸልእ እዩ፡፡*

## *ሓተታ*

*ሓድነት ማለት: ስምረት ማለት ከም ዘይ ምኻኑ፤ ወይ ድማኒ ስምረት ማለት ሓድነት ማለት ከም ዘይ ምኻኑ እንተ ደኣ ፈላሊና፡ ንርድኦ ኬና; ሓድነት ኢትዮጵያ ዝበሀል ኣይ ነበረን፤ የሎን፤ ኣይ ክህሉን ከኣ እዩ። ከምኡ ድማኒ፡ ስምረት እትዮጵያ ዝበሀል ኣይ ነበረን፤ የሎን፤ ኣይ ክህሉን ከኣ እዩ። እዛ መድረኽ እዚኣ፡ ዘለቕለቕ ምድራውን ሕብረተሰብኣውን ኣከናውና ናይ ኢትዮጵያ፡ ኣቐዲማ ስለ ዝተሰቐራ፡ ከም ሓንቲ ወዛል ሃገር ምኻና፡ ገምጊማ ከም ዝነበረት ይዝከር። እቶም ኩሎም፡ ምስ እዛ ወዛል እዚኣ፡ ብፈደራስይነ ይኹን ብኮምፈደራስዮነ፡ ክንቋረን ኣሎና ክብሉ ዝጸንሑ፡ ገለ ካብ ኣቶም ሕጂ፡ መልሓሶም ክቖርጥሙ ጀሚሮም ኣለው። ናይ ምብትታና ምጽኣት፡ ዘይ ተርፍ ከም ምኻኑ ገቢሮም ይሰግኡ ኣለዉ። ኣስጋኢ ክኸውን ዝኽእል እኳ እንተ ኾነ፡ ንኤርትራውያን ዘገድሰና ግን፡ ብውህደት ሃገርና ከይ ነድፍር ምጥንቃቕ ደኣ እምበር፡ ጉዳይ ኢትዮጵያ ንዓና ስለ ዘይ ምልከት፡ ኢድናን እግርና ኣርኒብና ካብ ምምዕዳው ሓሊፍና፡ ብዝኾነ ምኽንያት ጣልቃ ዘይ ምእታው።*

*ኢትዮጵያ ማለት፡ ጅኦግራፍያዊ ስም ደኣምበር፡ ሓድነቱ ዘመስከረ፡ ናይ ሓደ ቀዋሚ ማሕበረሰብ ምድሪ ኣይ ኮነን። እስከ: ኣፍሪቃ ንበል፤ ደሓር ከኣ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንበል፤ ደሓር ከኣ ኢጋድ ንበል፤ ደሓር ከኣ ኢትዮጵያ ንበል . . . እዚኦም ኩሉም ናይ ምድርታት ኣስማት ጥራይ እዮም። **ዘይ ከምዚ ከማና፡** መራኽቢ ዘይ ብሎም፡ ነናይ ዝተፈላለዩ ኣህዛብ፡ ነናይ ባዕሎም ሓዳር ዘካይድሉ ክልላት እዩ። ስለዚ፡ ኢትዮጵያ ማለት፡ ናይ ዝተፈላለዩ ሓድነት ወይ ስምረት ዘይ ብሎም ኣህዛብ፡ ምድሪ ኢያ። ተመልከት።*

*2*

*“The Ethiopia of today is comprised of multiple ethinic groups with different languages, regions and cultures. Nevertheless these ethnic groups did not simply come toghether to form the Ethiopian nation, but they were forced to be part of Ethiopia one by one. Ogaden, Afar, Oromo, Sidamo, Anoka, Gambela, Benishugal and many others have been hostages to the different Ethiopian rulers and they never had the chance to decide their own fate. The majority of these Ethinic grrops never called themselves to be Ethiopians nor have been happy to be part of it” said; AliYare*

*3*

*"የብሄር ብሄረሰቦችና ህዝቦች ጥያቄ ዛሬም መፈትሔ ሳያገኝ በመቅረቱ ጥያቄው ሃገራችንን የባሰ ውስብስብ ችግር ውስጥ እንዲይከታት የሚያሳስብበት ደረጃ ላይ ዯርሷሌ፡፡ ስለ ሆነም በአብዛኛው የሃገራችን ክሌልች አዋሳኝ አካባቢዎች በሚኖሩ ሕዝቦቻችን መሃከሌ ግጭቶች እየተከሰቱ፣ በሰው ሕይወትና ንብረት ላይ ከፌተኛ ጉዳት እየደረሰ ይገኛሌ፡፡ በአጠቃሊይ የኢህአዳግ አገዛዝ ሃገራችንን አስጊ የሆነ ሁኔታ ውስጥ ከቷት ይገኛሌ፡፡" ድምቀት ናተ ዩ።*
http://www.ethioobserver.net/MEDREK%20Political%20%20Program.pdf

4.

*ካብ ጥንቲ ዝነበረ ክሳብ ሕጂ፡ ከም ናይ ሓንቲ ሀገር፡ ናይ ሓባር መንነት ዘየ ጥረዩ፡ ኣርባዕተ ገዛእቲ ጉዝታት፡ እዚኣቶም እዮም። እዋናም መምስ ኣርከበ ዝዓርቡ ኮይኖም፡ እንሆም ከኣ ሕጂ፤ ግዝኣት ወያነ ይመስዮ ኣሎ።*

| 1. ስርወ ዛውገ | 2. ስርወ ጎንደር | **3**. ስርወ ኣግኣዚያን | **4**. ገ ዛ እ ቲ ወያነ / ማለ ሊ ት |
|---|---|---|---|
| *The Zagwe dynasty was a historical kingdom in present-day Ethiopia. It ruled large parts of the territory from approximately 900 to 1270, when the last Zagwe King Za-Ilmaknun was killed in battle by the forces of Yekuno Amlak.*[Wikipedia](Wikipedia) | [*Gondar*](Gondar) *was the capital of the Ethiopian Empire from the 17th to mid 19th centuries. It is distinguished by its castles of imperial compound known as Royal enclosure and by its churches' walls and ceiling which are completely ornamented. The city was founded in 1635 by Emperor Fasilades (1632-1667) who recognized the need for a permanent capital to provide internal stability and Gondar served until the end of the reign of Emperor Tewodros (1855-1868).* | *The Kingdom of Aksum or Axum, also known as the Aksumite Empire, was a trading nation in the area of northern Ethiopia and Eritrea. It existed from approximately 100–940 AD.* [*Wikipedia*](Wikipedia) | <br>*The Tigray People Liberation Front, TPLF had published their organization's manifesto in February 1976, the booklet was printed in Sudan. The TPLF manifesto, clearly defined who a Tigryan is, the land that the TPLF considers as Tigray, and the final destination of the TPLF. The following comprises some important contents of the manifesto.*<br>*a) A Tigryan is defined as anybody that speaks the language of Tigrigna including those who live outside Tigray, the Kunamas, the Sahos, the Afar and the Taltal, the Agew, and the Welkait.*<br>*b) The geographic boundaries of Tigray extend to the borders of the Sudan including the lands of Humera and Welkait from the region of Begemidir in Ethiopia, the land defined by Alewuha which extends down to the regions of Wollo and including Alamata, Ashengie, and Kobo, and Eritrean Kunama, the Saho and Afar lands including Assab.*<br>*C) The final goal of the TPLF is to secede from Ethiopia as an independent "Republic of Greater Tigray" by liberating the lands and peoples of Tigray. This being the manifesto of TPLF in 1976,* ***the question is how much of this program is implemented so far?***<br>1. *Manifest76* ድርቅና ማለሊት<br>2. *Abaitigrai* ታላቅዋ ትግራይ<br>3. *Weyane US Ignoring Ethiopia to become a failing state* |

| | | | |
|---|---|---|---|
| | | | |

*The Tigrai state map was extended from the Sudan border in the Northwest to the Northeast of the Afar region.[5] However, after much discussion, this mission was quickly abandoned and updated to exercise the right of Ethiopian people to self-determination. They soon established their first military base at Dedebit in Tigray, and began political and military preparations.[6][7] The Eritrean People's Liberation Front assisted in the military preparations of the TPLF by providing them with the arms and other supplies. Throughout the Ethiopian Civil War, both groups were allied against the Derg.* *Weyane*

*ንሳቶም ድማ፡ ሰነዳት ወያነ ናይ ሜዳ ኣሰፈሩዎ ከም ዘሎ፡ ደይ ሃጺይ ምኒሊክ እዩ፡ ካብትን ካብዝን፡ ኣኻኺቡ ኣብ ሓደ ምሕደራ ንግስነቱ ዝኣከቦም ኣህዝባብ እዮም። ሃጺይ ሃለስላሰ ከኣ፡ እን ሓንሳብ ከም ደቂ ኣብሲንያ፤ እን ሓንሳብ ከም ደቂ ሓበሻ፤ ኢንሓሳብ ከም ደቂ እስትዮጵያ፤ እንሓንሳብ ከም ደቂ ይሁዳ እናበለ ከንያሕ ነቢሩ። ሕጂ ግን እቲ ንነዊሕ ግዘ ከካያድ ዝጸንሔ ናይ ፍለ ፍለ መንነት ቃልስታቶም፡ ኣብ ጥርዙ በጺሑ፡ ስርዓት ወያነ እንተ ደኣ ትሕሾም ኮይና፡ ከምታ ኣቐዲሞም ዝኳዓትዋ ጉድጓድ - "ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ትግራይ"፡ ካብ ኣዲስ ኣበባ ንመቐለ ጠቕሊላ ናይ ምውጻኣ ዕድል ዝተቓረበ ይመስል። ንምዝኸኻር . . .*

*ኣምሓራይ ሃጺይ ቴድሮስ፡ ስለምንታይ ነብሰ ቅትለት ፈጺሙ? ትግራዋይ ሃጺይ ዮውሃንስ ከኣ፡ ነታ ናይ ንጉሰ ነገስታት ዘውዲ፡ ንኣምሓራይ ሃጺይ ምኒሊክ፡ መዲድ ተሸኪሙ፡ እቕረ በለለይ ከም ዝብለሉ ገይሩ ኣምበርኪኹዶ ኣይ ኮነን ነጊሱ? ትግራዋይ ሀጺይ ዮሃንስ ከኣ፡ ንጉሰ ነገስታት ኮይኑ ከገዝእ ምስ ጸንሔ፡ ኣብ መጨረሽታኡ ድማ፡ ኣምሓራይ ሃጺይ ምኒሊክ፡ ብታሕቲ ታሕቲ ምስ ነገስታት ጸዓዱ ክመሻጣር ምስ ጸንሕሔ፡ ንሃጺይ ዮውሃንስ ኣግዲዑዎ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ሃጺይ ዮውሃንስ ምስ ተሓርደ፡ ሸሻዩ ሰሪዑሉ ንግስነቱ ኣምለሰ። ብኸመይ?*

*ሰራዊት ማህዲ ሱዳን፡ ምስልምና ናብ ዓዲ ሓበሻ ከስፋሕፍሕ፡ ንመተማ ገጹ የምርሕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ንጉሰ ነገስት ሃጺይ ዮውሃንስ፡ ሓደገኛነት ናይ እቲ ኩነታት ስለ ዘስግኦ፡ ንንጉስ ኣምሓራ ሃጺይ ምኒክ፡ ንክረድኦ መጸዋዕታ ገበረሉ። ንጉስ ኣምሓራይ ግን፡ ዕጭ ሓንፈፈሉ፡፡ ኩናት ኮነ። ንጉሰ ነገስት ትግራዋይ ሃጺይ ዮውሃንስ፡ ብሰራዊት ማህዲ ተሳዕረ። ክሳዱ በቲኾም፡ ሸከና ናቱ፡ ንኦምድርማን ሱዳን ኣረከብዎ። ስዕረት ናይ ዮሃንስ ዓወት ናይ ምኒሊ ኮነ። ምኒሊክ ንጉሰ ነገስት ናይ መላእ ኢትዮጵያ ኮይኑ ነገሰወ።*

*ካብዚን ዝኸምዝን እንመሃሮ ቁምነገር እንተሎ፡ __እታ እትዮጵያ እትበሃል፡ ከም ናይ ባህጊ ስም ንሳ እያ። ከም ልክዕ ግን፡ ምድራውን ማሕበረሰባውን ሓድነት ዘይ ነበራን ዘይ ብላን፡ ዘይ ንሳ እያ።__ በቶም ኣብ ዘዘመኑ ዝነግሱ ሓያላት፡ እና ተጨቆነት እትነብር ዘላ ምድሪ እያ። እዞም ናይ ሕጂ ገዛእታ ከኣ፡ ንግስነት ናይ ትግራይ ከምልሱ ምስ ወየኑ፡ ጽንሕ ኢሎም ከኣ፡ ንእግረ መንገዶም ብሳለ ደቂ ኤሩ፡ ኣዲስ ኣበባ ምስ ኣተው፡ እዛ ዓባይ ዳዕሮ በሲላ እያ፡ ክሳብ ዘሎና ንብለዓያ እንክብሉ፡ ይድህከዋ ኣለው። ሕጂ ግን፡ በብወገኑ ዘለዉ ኣህዛብ፡ ንስኹም ናትኩም ሓዙ፡ ንሕና ድማ ነናትና ስለ ዝሕሸና፡ ኪዱልና ገጽኩም የርሕቆ ይብልዎም ኣለው። ኣይ ተርፎምን እዩ። ንመውሰኺታ፡ ንእሽቶ ከንምልኣላ።*

*ቅደም ተኸተል ታሪኻት: ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ እንተ ደኣ በበይኑ ጌርና፡ ስጉምቲ ብስጉምቲ ኣሰር ኣሰሩ ኬድናዮ፡ ፍልልዩ ከም ናይ ማይን ዘይትን እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ ማለት፡ እንተ ደኣ ተዘሪቡሉ፡ ከም ናይ ማይን ጸባን ውህደት ኣይ ብሉን። ቅድሚ ዝኣገረ፡ ነዚ ተጠቒሱ ዘሎ ኣምር፡ ከይ ኣድሃብናሉ፡ ኣብ ናይ ዘይ ተዋዕለ ዘረባታት፡ ምግምዳሕ ፍረ ነገር የብሉን።*

*እታ እትዮጵያ ንባዕላ፡ መን ከም ምኟና ነቶም ተጋሩ፤ ነቶም ኣምሓሩ፤ ነቶም ኦሮሞ፤ ነቶም ሓራርገ ወይ ሲዳሞ፡ . . . ወዘተ፡ እንተ ተወ ከሰናዮም፡ ናይ ሓባር መልሲ ኣይ ንረኽበሉን። ሕጂ እም ከኣ፡ ኣጸቢ‌ቓ ዘለቕለቐ እና በለት እያ። ብፍላይ እኳ*

*ደኣ፡ ኣብ ምንጎ እቶም ኣምሓሩን ተጋሩን ዘበሃሉ ኣህዛብ፡ ዘሎ ርሕቀት ፍልልይ፡ ዘሃንደስካ እንተ ሃንደስካ፡ ከገጣጥሞም ዝኽእል ድልድል ወይ ቢንቶ ልዕሊ ቅያስ, out of range, እዩ።*

*ብፍላይ እኳ ደኣ፡ እቲ ካብ ኣፎም ዝወጽእ፡ ጽያፋትን ብድዔታትን፡ ኣብ ሕሳብ ኣትዩ እንተ ተደሚሩ፡ ኣየናይ ቆማል እዩ፡ ምስ ሓደ ኮርናፍ፡ ብሰላም ክነብር ዝኽእል። እቶም ኣምሓሩ፡ ካብ ምስ እዚኣቶም **ቅ..ም** ትግሬ ምንባር፡ ፈለግ ኣባይና ሒዝና ክነብር ንኽእል ኢና፡ እና ተባህለ ኣብ ኣደባባያት ኣይ ሰማዕን እንድዩ? እቶም ትግሬ ከኣ ብወገኖም፡ ስርወ ኣኹሱም ጌና ከም ዘሎ ኣምሲሎም እና ተነይሑ፡ ሓንሳብን ንሓውሩን ምስ ጸመሙ፡ ዓዲ ጀጋኑ - ዓዲ ኣሉላ - ዓዲ ዮውሃንስ - ዓዲ . . . እንክብሉ እና ሃደድዎም ዝነብሩ እንተ ዘይ ኮይኖም፡ ነየነቲ ኢትዮጵያ እዮም ዝንይሑላ? ንሸዋ ዶስ ንጎንደር? ንሃራርጌ ዶስ ንጋምቤላ ... ወዘተ? እሞ ደኣ፡ ናይ መን ድያ?*

*ሎሚ ንግስነት ዋያነ ከም ዑንቂ እና ጸበባ ይመጽእ ኣሎ። ብልክዕ መኣስ ክኸሰት ከም ምዃኑ ኣይ ፈለጥ ደኣ እምበር፡ ከምተን ቅድሚኣ ዝነበራ ነገስታት፡ ምኻዳ ኣይ ተርፍን እዩ።*

## *ንሕናኸ?*

*ንሕናን ንሳቶምን፤ በተሃላልዋናን ኣነባብራናን፡ ንሕና ንሕና ኢና፡ ንሳቶም ከኣ ንሳቶም እዮም። እዚ መልእኽቲ'ዚ ብፍላይ፡ ናብቶም እና ፈለጡ ይኹኑ፡ ሰኣን ዓቕሚ ዝዕሸዉ፡ ምስ ኢትሆጵያ ከጳሩኑና መታን፡ ፈኾስኮስ ንዝብሉ ኣሕዋትና፡ ዝጎደሎም ጸብጻባት ስለ ዘሎ፡ ዕዮ ገዛ ምስ ኣማልኡ፡ እንተ ዝዛረቡ መምሓረሎም።*

*ኩቡር ህዝቢ ኤርትራ ደኣ፡ ኣስላሙን ክስታኑን፤ ሰብ ቆላ ይኹን ሰብ ደጋ፡ "ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ" ስለ ዝኾነ እንድዩ፡ ብዘይካ ልዑል ፈጣሪ፡ ከፈላልየና ዝኽእል ፍጥረተ ሰብ ኣይ ነፍቅድን ብማለት፡ ተማጉቱን ተዋጊኡን ንናይ ብሪጣንያን ኣማሪካን፡ ጻዕዳዊ ትምክሕትታት፡ ኣብ ጸላም ኣፍሪቃ፡ ተራእዩ ዘይ ፍለጥ ቁልፊ ጽንዓት፡ መኪቱ ተዓዊቱ። ከምዚ እዩ፡ ሓደ ህዝቢ ማለት። ከምዚ እዩ፡ ሓደ ታሪኽ ማለት። ከምዚ እዩ፡ ሃገራውነት ማለት። ዘይ ከም ናይ ኢትዮጵያ።*

*ካብዚ ዝሓልፍ ዝተርፍ እንተ ደኣ ኣሎ ኮይኑ ግን፡ ንዓና ንኤርትራውያን፡ ቅድሚ ዝኣገረ፡ "ኢትዮጵያ" ማለት መን ከም ምዃና ንምፍላጥ፡ ኣብ መባእታዊ ንባብ ፊደላት ናይ ታሪኽ ከይ ኣተኮርና፡ ኣብ ናይ ንጥርጣር ሕንፍጽፍጽ መውሰቦታት, interracial marriages, ዝግበር ምትእትታው ኣመሳሚስና፡ ምስ ኣቐለብና ኣሕዋት ኢና ንእንብል፡ ሑስር እምነት እዩ።*

*ብናይ መውሰቦታት ኣብነታት ምስምስ፡ ከም ዓይንን ኩሕልን ገይሩ፡ ከመልክዓና ኣይ ክእልን እዩ። ዝዘንግዔ ኤርትራዊ እንተ ደኣ ኣሎ ኮይኑ ድማ፡ ነቲ ቀንዲ ሓቂ ንምንዳይ፡ ንታሪኻዊት ዓዲ ኳላ ይሕተታ። ብንዳንኡ ካብ ማህጸና ዝተወልደ ሓንፈጽ፡ ብማንካ ገዲፍና፡ ብኢድና እና ኣመንገግና ሓኒኹና፡ ኣብ ዝብጻሕ ኣብጺሕናዮ ከነብቅዕ፡ ሕብሪ ዓይንኹም ደስ ኣይ ብልን እዩ፡ ኢሉ ካብ መላእ ኢትዮጵያ፡ ክሳብ 100 ሽሕ ዝኾኑ ኤርትራውያን፡ ንብረቶም ራሰዩ ዝጠረዞም መን ድዩ?*

*ጃንሆይ ዶስ መንግስቱ? ብንዳንኡ ዓዲ ኳላ ዝወለደቶ ከዳዕ ፍልሖ፡ መራሕ መንግስቲ ኮይኑ እንክሎ፡ ኣምላኽ ዑምሩ ዘሕጸረሉ፡ በቲ ሓደ ጎድኑ ድማኒ ፡ብንዳቦኡ ትግራዋይ ዝኾነ፡ መለስ ዜናዊዶ ኣይ ኮነን ድዩ? ናይ ከምኡን ዝከምኡን እዩ፡ እቲ ዝነበረን ዘሎን ዝምድናና ምስ ትግራይ። ምድሪ ባሕሪ ክተ ኣንግድ፤ ንሳቶም ድማ ዝበልዕሉ ጻሕሊ እንክሰብሩ ጌና ይቕጽል ኣሎ። ብጉልባብ ናይ ኢትዮጵያ፡ ብመን ድዩ እዚ ኩሉ ጉዳይ ናይ ዶም ተሸናኺሩ ዘሎ? ስለምታይ ዲና ብወዝቢ ደኣ ይኹን እምበር፡ "ጠራሮ" ዝብል ሳጓ ዘጥበቕናሎም? ብዛዕ ናይ ምጥራር ተግባራቶም፡ ምስ እዚ ወዲ እዚ፡ ኣብ1976ዓም ዝተፋናጠርናሉ /ምፍንጣር/ ተርኽቦ፡ መታን ከይ ነውሕ ክንሓልፎ ደኣ እምበር፡ ሓደገኛታት ከም ምዃኖምሲ፡ ካብ ሽዑ ኣትሒዞም እዮም፡ ዶብ ዓባይ ትግራይ ክጥርሩ ዝጀመሩ።*

*እቶም ዝኮነሎም ዝመስሎም፡ ዓይኖም ዓሚቶም መምቁሩ ጥራይ ከዛረቡ ፍሸኽሸክ ዝብሉ፡ ከምዚ ክብሉ ይስምዑ። ህዝቢ ምስ ህዝቢ እንከወዳድሩ፡ "ህዝብቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ጽልኢ የብሉን" ይብሉ። ውልቀ ሰብ ምስ ውልቀሰብ እንተ ንብል ኳና፡ ብዙሓት ተፋተውትን ተመሓዘውትን፡ ከም ዘለዉ ዘተሓትት ኣይ ኮነን። ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዝብል ዘረባ ግን፡ ከከም ትምኒትካ ጌርካ እትሓልሞ ሕልሚ እዩ።*

*ብመሰረቱ፡ ሓደ ስርዓት ናይ ሓደ ሀገር፡ ከመይነቱ ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ፡ ኣካል ናይ እቲ ዘመሓድሮ ህዝቢ ስለ ዝኾነ፡ ፍንጭል ኣቢልካ ነቲ መንግስቲ፡ ካብቲ ህዝቢ ክትርእዮ ኣጸጋሚ እዩ። ከም ኣብነት፡ ናይ ባሕሪ ጉዳይ ንውሰድ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ክሳብ ሕጂ፡ ወደብ ዓሰብ ናትና እያ በሃላይ ኮይኑ፡ ብቐስብ ካብ ኤርትራ ክመልሰዋ ሃረር ዝብል ዘሎ እዩ። ካልእ እውን መሊኡ ዘይ ሃሰሰ ግፍዕታት፡ ብህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕል ህዝብታት ኤርትራ ዝተፈጸመ ገበናት ኣለዉ።*

*ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ገድሊ ኤርትራ፡ ብሰራዊት ጀብሃ ይኹን ብሻዕብያ፡ ንዶብ ኢትቶጵያ ጠንቀስ ኢሉ ጥሒሱ ሓሊፉ ኣይ ፈልጥን። እቲ ምንታይ? ተኸላኸላይ ደኣ እምበር፡ ኣብ ልዕል ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ፡ ረሳሕ ታሪኽ ከየ መዝግብ ይጥንቀቕ ስለ ዝነበረ። ኣምላኽ ይመስገን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ብገድልና ይኹን ብናይ ህዝብና ተበግሶ ዝተፈጸመ በደል የልቦን። ብህዝቢ ኢትዮጵያ ወገን ግን፡ ከምዚ ዝተጠቕሰ እዩ።*
*ዝኾነ ይኹን፡ እትዮጵያ ንዓና እንታይና ድያ? እንተ ኾነት ኮነት ደመኛና እያ። እንተ ኾነት ከኣ፡ ከም ምስ ናይ ሱዳን፡ ጉረቤትና እያ። ብሕልፊ እዛ ናይ ወያነ ኢትዮጵያ፡ እዝግሄር ደኣ ኣውጺኡና እምበር፡ ንሻዕባን ጀብሃን እኳ ዝኸድዑወን ደኣ፡ ንመና እዮም ከናሕስዩ? ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣይዞ እና በሎም፡ ንወደብ ዓሰብ ንኽምልሱ፡ ዝኸፈልዎ ዘስካሕክህይ ናይ ሰብ ዋጋ ከሲሮም ተመሊሶም። ወያነ ደኣ ንኢሳያስ እኳ ዝጠለሙስ ንመን ከናሕስዩ? መንዶ ነይሩ እዩ፡-*

- *ካብ ፕረሲደንት ኢሳያስ ንላዕሊ ንሓድነታ ዝተገደሰላ?*
- *ካብ ኢሳያስ ንላዕሊ፡ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ከጸናብር ዝበሃገ?*
- *ካብ ኢሳያስ ንላዕሊ፡ ዶብና ንፍለ እንክንብል ከሎና፡ ንሱ ድማኒ፡ ክንዮ ዶብ ኢና ነማዕዱ ዘሎና ዝበለና?*
- *ካብ ኢሳያስ ንላዕል ንተጋሩ ኣብ ኤርትራ ድርብ ዘግነት ክህልዎም ዝፈቐደ?*
- *ካብ ኢሳያስ ንላዕል፡ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ናይ ሓባር ምክላኻ ሓይሊ ዝተሰማምዔ?*
- *ካብ ሻዕብያ ንላዕሊ፡ ንወያነ ሓንጊሩ፡ ዳግማይ ንግስነት ትግራይ ዘምለሰ?*
- *ካብ ጀብሃ ንላዕሊ፡ ወያነ ኣብ እግሪ ተኽሊ እንከላ፡ ዘታተያ?*

*ወዲ ድሙ ከም እሙ፡ ከም ዝተባህለ መጠን፡ ከድዓት ወያነ ደኣ ናይ መን ከወስዱ?*

*ሻዕብያ፡ ካብ ሳሕል ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ከብኪባ፡ ከም ዘይ ኣብጽሓታ፡ ኣብ ክንዲ ጻምኣ ትረኽበሉ፡ "regime change" ዝብል ፈኸራታት፡ ብመለስ ዝጀምረ ክሳብ ሕጂ ይህቀን ኣሎ። እቲ ኣጸቢቑ ዘጉሂ ድማኒ፡ ደጊምም ደጋጊምም ዝበልዎ፡ ኒሕ ህዝቢ ኤርትራ ክሰብሩ ህርድግ እና በሉ ከለዉ፡ ምስ ኣቶም ዝወሃሃድ ኤርትራዊ ፖለቲካ፡ ኣበየናይ ወገን ኣካላት ናይ ኤርትራ ክስቀቑ ይኽእሉ?*

*እዚ ጠላም መለስ፡ ሓደ ተባዕ ኣምሓራይ፡ ክሳብ ኣብ ጽፍሩ ክኣቱ ዝደኢ ምስ ገበሮ፡ ብኣኣ ኣቢላ ዝኣተወቶ ሰለሎ፡ ነዊሕ ኣይ ጸንሔን ተዓዚሩ።*  *ወራስ ዓራት መለስ ኮይኑ ዘሎ፡ ቀ.ም ሃይለማርሃም ድማ፡ ደጊሙ ደጋጊሙ፡ ክወሩና ከም ምኳኖም ኣዊጁ ኣሎ። ነዚ ምስ ፈለጡ ደኣ ከይኮኑ፡ ውዱባት መድረኽ፡ ዕድመ ስርዓት ኣስመራ፡ ብፍቕዲ መዓልቲ ክንደይ ከም ዝተረፎ፡ ተፈሊጡ ኣሎ ዝበሉና።*

*ለበዋ*
*እዚ በጺሕናዮ ዘሎና መድረኽ፡ ብሕልፊ ከኣ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ናይ ሓያሎይ ሃገራት ኩነታት፡ ኣብ ናይ ምህላውን ዘይ ምህላውን ቀራናታት ተበጺሑ ኣሎ። እዚ ኩነታት እዚ፡ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ፡ ንኤርትራ ክጸልዋ ከም ዝኽእል፡ ኣብ ግምት ኣተ ደኣ ኣእቲናዮ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ዝኾነ ብዘይጎደል፡ ንምክልኻል ሃገር፡ ኣብ ተጠንቀቕ ክጸንሕ፡ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነታይ እዩ።*

**********ተፈጸመ********

*ድሕነት ሀገር ቀዳማይ ነገር!*

fewsilybee@yahoo.com